# መምርሒ ቫይረስ ኮሮና (Covid19) – [Tigrinya]

COVID-19፡ ንሳናቡእን መተሓላለፊ ሻምብቆን ከጥቅዕ ዝኽእል ሓድሽ ዓይነት ሕማም እዩ። ቫይረስ ኮሮና ብዝጽዋዕ ቫይረስ ድማ ዝመጽእ እዩ።

ከምዚ ዝስዕብ ምልክታት እንተልይኩም፥

- ሓድሽ ዝኾነ እሞ ኸኣ ዘየቋርጽ ሰዓል ወይ
- ልዑል ሙቐት ሰብነት (37.8 ዲግሪ ወይ ልዕሊኡ)
- ን 7 መዓልቲ ዝኣክል ግዜ ካብ ገዛ ክትወጹ የብልኩምን።

## ካብ ገዛ ብዛዕባ ዘይምውጻእ ዝውሃብ ምኽሪ

- ናብ ስራሕ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ቦታታት ሓፈሻዊ ሕክምና፡ ቤት መድሃኒት ወይ ሆስፒታል ኣይትኺዱ
- ንዓኹም ተባሂሉ ንእተሓዝኤ መሳለጥያታት ተጠቐሙ ወይ ቅድምን ድሕርን ምጥቃምኩም ኣጽርይዎ
- ምስ ካልኦት ሰባት ጥቡቕ ዝኾነ ርክብ ኣይሃልውኩም
- ምግብን መድሃኒታትን ብኻልእ ሰብ ናብ ገዛኹም ከምዝመጽእ ግበሩ
- ኣጋይሽ/በጻሕቲ ክመጽኹም የብሎምን
- እንስሳ ገዛ ካባኹም ከምዝርሕቑ ግበሩ

## ንሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና (NHS 111) ዝውከሰሉ ግዜ መዓስ እዩ፧

- እቲ ዘለኩም ምልክታት ሕማም ኣብ ገዛ ኳንኩም ኽተወግዱ ዘይትኽእሉ ኮይኑ እንተተሰሚዕኩም
- ኩነታትኩም እናኸፈኤ ምስዝኸይድ
- እቲ ዘለኩም ምልክታት ሕማም፡ ድሕሪ 7 መዓልታት ምስዘይመሓየሽ'ዩ

## ንNHS 111 ብኸመይ ክውከስ ይኽእል፧

እቲ ቀጺልኩም ኽትገብርዎ ዘለኩም ነገር ንምፍላጥ፡ ንብቐጥታ ንዝውሃብ ኣገልግሎት ቫይረስ ኮሮና NHS 111 ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ንቐጥታዊ ኣገልግሎታት ክትረኽቡ ምስዘይትኽእሉ፡ ናብ 111 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም (እዚ፡ ብናጻ ዝድወለሉ ቍጽሪ ተሌፎን እዩ)።

## ብዛዕባ ዘሎኒ ኩነታት ኢሚግሬሽን ተሸጊረ ምስዝህሉ'ኸ እታ ዘጋጥመኒ ነገር እንታይ እዩ፧

ንቫይረስ ኮሮና ዝምልከት ኩሉ ኣገልግሎታት NHS፡ ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ንዝርከቡ ሰባት እሞ ኸኣ ዝኾነ ዓይነት ኩነታት ኢሚግሬሽን ይሃልዎም ንኹሎም ብናጻ ዝውሃብ እዩ። እዚ ድማ ዋላውን እቲ ውጽኢት ሕማም ከምዘይብልኩም ይተሓበር፡ መርመራን ሕክምናን ቫይረስ ኮሮናን ዘጠቓልል እዩ። መርመራ ወይ ሕክምና ቫይረስ ኮሮና ከምእተገብረልኩም ናብ ሆም ኦፊስ (Home Office) ኣይክሕበርን እዩ።

## ንለበዳ ቫይረስ ኮሮና ጠጠው ኣብ ምባል ንኽሕግዝ እንታይ ኽገብር ይኽእል፧

- ሳሙናን ማይን ገይርኩም እንተወሓደ ን20 ካልኢታት ንኣእዳውኩም ብቐጻሊ ሕጸቡ
- ምልክታት ሕማም እንተልይኩም፡ ካብ ገዛ ከይትወጹ ንዝብል ምኽሪ ተኸተሉ

## ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ንመምርሒ NHS ኣብ https://www.nhs.uk/conditions/coronavirus-covid-19/ ርኸቡ።

f ሓድሽ እሞ ኸኣ ዘየቋርጽ ሰዓል ወይ ልዑል ሙቐት ሰብነት (37.8 ዲግሪ ወይ ልዕሊኡ) እንተልይኩም፡ ን7 መዓልታት ካብ ገዛ ክትወጹ ኣይግባእን።